# ናይ ቪድዮ መምርሒ መጽናዕቲ
## እንቋዕ ናብ ዓድታትና ብደሓን መጻእኩም

## ሓፈሻዊ ገምጋም/ኣጠማምታ

እታ እንቋዕ ናብ ካናዳ ብደሓን መጻእኩም ትብል ቪድዮ፡ ገለ ካብቶም ነዛ ሃገር ዝቖረጹ ብዙሓት ዝተሓላለኹ ታሪኻዊ ፍጻሜታትን ነቲ ኣብ መንጎ ህዝብታት ደቀባትን ዘይደቀባትን ዘሎ ዝምድናን ብምጉላሕ ንሰፊሕ ሃብቲ ክብርታትን ኣረኣእያታትን ናይ ደቀባት መእተዊ ክትህብ ትፍትን።

ድሕሪ ነዛ ቪድዮ ምርኣይኩም ብዛዕባ ደቀባት ካናዳ ዝያዳ ምምሃር ንክትቅጽሉ ክትድረኹ ተስፋ ንገብር። እዚ ተሰንዩ/ተተሓሒዙ ዘሎ ናይ ቪድዮ መምርሒ መጽናዕቲ ብዛዕባ ደቀባት ካናዳ ዘለኩም ንቕሓት ንምዕባይ ንክሕግዘኩም ተወሳኺ ሓበሬታ፡ ሓሳብ ዝተዋህበሎም መራኸብትን (links) ስነ-ቓላትን (terminology) ይህብ። ነዚ መምርሒ ንተወሳኺ ትምህርቲ ከም መንጠሪ ባይታ ክትጥቀሙሉ ተስፋ ንገብር።

ካናዳ ንደቀባት ብኸመይ ትገልጾም? ክፍሊ 35 (2) ሕጊ ቅዋም ካናዳ 1982 ንቀዳሞት ተቐማጦ (Aboriginal) ህዝብታት "ህንዳውያን" ("Indian")፣ ኢኑይትን (Inuit) ሜቲስን (Métis) ህዝብታት ካናዳ ከም ዘጠቓልሉ ይገልጽ።

"ህንዳዊ" ዝብል ቃል ከም ኣጸያፊ መግዛእታዊ ቃል ኢዩ ዝቑጸር። ብዛዕባ **ደቀባት (Indigenous)** ካናዳ ክንዛረብ ከለና ደቀባት (Indigenous) ዝብል ቃል እውን ካብ ቀዳሞት ተቐማጦ (Aboriginal) ምባል ይምረጽ።

**ቀዳሞት ኣህዛብ (First Nations)** ንደቀባት (Indigenous) ዝኾኑን ነብሶም ከም ኢኑይት (Inuit) ወይ ሜቲስ (Métis) ዘይፈልጡን ንምምልካት ንጥቀመሉ ቃል ኢዩ።

- *en.wikipedia.org/wiki/Indigenous_peoples_in_Canada*

**ኢኑይት (Inuit)** ኣብ ውሽጢ ዞባታት ኣርክቲክ ካናዳ፡ ግሪንላንድን ኣላስካን ኣብ 53 ማሕበረ-ኮማት ዝነብሩ ጉጅለ ደቀባት (Indigenous) ኢዮም። ኢኑይት ብታሪኽ "ኤስኪሞስ" ተባሂሎም ይጽውዑ ነይሮም፣ እዚ ቃል እዚ ግን ኣኽብሮት ዘለዎ ኣይኮነን፣ ክንጥቀመሉ የብልናን።

- *en.wikipedia.org/w/Inuit*

**ሜቲስ (Métis)** ካብ "ምሕዋስ" እትብል ናይ ፈረንሳ ቃል ኢያ። ንሳቶም ካብ ዝተሓዋወሰ መበቈል ዘለዎም ቀዳሞት ኣህዛብን (First Nations) ኤውሮጳውያንን ዘርኦም ዝቔጽሩ ፍሉያት ጉጅለ ደቀባት (Indigenous) ኢዮም። ዘርኦም "ደቓሉ/ሃናፍጽ" ብዝብል ዝጽዋዕ ዝነበረ ኰይኑ ሕጂ ግን ዘይንጥቀመሉን ኣጸያፊ ዝቑጸርን ኢዩ።

- *en.wikipedia.org/wiki/M%C3%A9tis_in_Canada*

## VIDEO ኣብ'ቲ ቪድዮ

ኣብ 2016 ኣብ ካናዳ 1,673,785 ደቀባት (Indigenous) ነይሮም፡ እዚ ድማ ካብ ጠቕላላ ህዝቢ 4.9% ይውክሉ። ሎሚ፣ ኣብ መላእ ካናዳ፣ ኣብ ባህላዊ ግዝኣታትን ኣብ ማእከላት ከተማታትን ዝነብሩ ከባቢ 634 ዝተፈላለዩ ቀዳሞት ህዝብታትን (First Nations) ኣስታት 60 ዝተፈላለዩ ጉጅለታት ቋንቋታትን ኣለዉ።

- *en.wikipedia.org/wiki/First_Nations*

ኣብ'ቲ ቪድዮ፡ ብሽዱሽተ ወከልቲ ደቀባት (Indigenous) ካብ መላእ ካናዳ ተላሊኹምን እንቋዕ ብደሓን መጻእኩም ተባሂልኩምን። ብዛዕባ እዞም ደቀባት (Indigenous) ዝያዳ ሓበሬታ በዞም ዝስዕቡ መራኸቢታት (links) ክትረኽቡ ትኽእሉ ኢኹም፥

**ግዋዪ-GWAYEE (ናይ ብሪቲሽ ኮሎምብያ – ቀዳሞት ኣህዛብ)**

- *kingcome.ca*
- *youtube.com/watch?v=0ClB0OxJkiY*

**ኢኑቪክ (ሰሜናዊ ምዕራብ ግዝኣታት – ኢኑይት)**

- *inuvik.ca/en/index.asp*
- *en.wikipedia.org/wiki/Indigenous_peoples_in_Northern_Canada*

**ፔንቲክተን-PENTICTON (ናይ ብሪቲሽ ኮሎምብያ – ቀዳሞት ኣህዛብ)**

- *syilx.org/about-us/syilx-nation*
- *pib.ca*

**ሽዱሽተ ብሄራት (ኦንታርዮ)**

- *sndevcorp.ca/history-of-six-nations*
- *en.wikipedia.org/wiki/Six_Nations_of_the_Grand_River*

**ዩናማ'ኪ-UNAMA'KI (ኬፕ ብሪተን-CAPE BRETON፣ ኖቫ ስኮሽያ)**

- *cbu.ca/indigenous-affairs/mikmaq-resource-centre/mikmaq-resource-guide/historical-overview*

**ኢለኣላ ክሮስ-ÎLE-A-LA CROSSE (ሳስካችዋን – ሃናፍጽ-ሜቲስ)**

- *en.wikipedia.org/wiki/%C3%8Ele-%C3%A0-la-Crosse*

ነዛ ቪድዮ ኣብ ካናዳ ርኢኹማ እንተኰንኩም፣ ኣብ ማሕበረ-ኮምኩም ወይ ዞባኹም ንዘለዉ ቀዳሞት ኣህዛብ ርኽቡዎምን ብዛዕብኦም ዝያዳ ፍለጡን። ከተማኹም ኣብ ናይ መን ደቀባት ግዝኣት ከምዘላ ንምርኣይ ኣብ ጉግል (google) ብምድላይን ካልእ መራኸቢታት (links) ብምውካስን ክትጅምሩ ትኽእሉ ኢኹም።

ደቀባት ኣህዛብ ፍሉይ ክብርታትን ኣፋዊ ያታታትን ኣለዎም። ኣፋዊ ታሪኻትን ዛንታታትን ንመንነትን ባህልን ደቀባት ንምዕቃብ ኣገደስቲ ኢዮም። መብዛሕትኡ ግዜ ነቲ ኣፋዊ ታሪኽ ብዓቢ ጥንቃቐ ምዝካር ኣብ ውሽጢ ነፍሲ-ወከፍ ማሕበረ-ኮም ዝርከቡ ተራ ናይ ፍሉያት ሰባት ኢዩ። ደቀባት ህዝብታት ክብርታትን ታሪኻትን ካብ ወለዶ ናብ ወለዶ ብኣፋዊ ምንጋር ዛንታታት የመሓላልፉ። ባህልታት ደቀባት እውን ብተምሳላዊ (symbolic) ኣቕሑትን ስእላዊ ቋንቋታትን፣ ማለት ከም ዝተቐርጹ ናይ ኣዕኑድ ትእምርትታትን (totem) ኣዕኑድ ገዛን (post house) ዝኣመሰሉ ኣቢሎም ዛንታታትን ታሪኽን ይነግሩ ኢዮም።

ነፍሲ-ወከፍ ባህሊ ደቀባት፣ ማሕበረ-ኮም፡ ዋላ'ውን ስድራቤት ናይ ገዛእ-ርእሱ ታሪኻውን ባህላውን ዛንታታት፣ ደርፍታት ወይ ትልሂታት ኣለዎ። ዝተፈላለዩ ባህልታት ብዛዕባ ዋንነት ዝተፈላለየ ሕግታት ኣለዎም። ገለ ደርፍታት፡ ኣስማት፡ ምልክታት ወይ ሳዕስዒት ናይ ገለ ሰባት ወይ ስድራቤታት ስለ ዝኾኑ ብዘይ ፍቓድ ኣብ ጥቕሚ ክውዕሉ፡ ዳግማይ ክንገሩ፡ ክስዕስዑ ወይ ክድረፉ ኣይክእሉን ኢዮም።

---

## ቁልፊ/ቀንዲ ፍጻሜታት

ኣብ መንጎ ደቀባትን ዘይደቀባትን ካናዳ ዘሎ ታሪኻዊ ዝምድና ዝተሓላለኸን ብመግዛእቲ፣ ታሪኻዊ ፍጻሜታት፣ ሕግታትን ዓሌታዊ ኣጠማምታታትን ዝተጸልወን ኢዩ። እዞም ፍጻሜታት እዚኣቶም ነቲ ገና ሎሚ እውን ብደቀባት ዝስምዖም ዘሎ እዋናዊ ጉዳያት ቀሪጾም/መልክዕ ኣትሒዞም ኢዮም። ይኹን እምበር ኣብ'ዚ ሕጂ እዋን ኣብ ካናዳ ኣብ ዝሓለፈ ንዝተፈጸሙ ታሪኻዊ በደላት ንምምሕያሽን ንምፍታሕን ዝተፈላለዩ ተበግሶታት ይካየዱ ኣለው።

እዚ ናይ መወዳእታ ክፋል ናይ'ቲ መምርሒ መጽናዕቲ ንገለ ኣብ'ቲ ቪድዮ ዝጐልሑ ወሰንቲ ታሪኻዊ ፍጻሜታት ተወሳኺ ሓበሬታ ንምሃብ ዝፍትን ኢዩ።

### መግዛእቲ

- *en.wikipedia.org/wiki/History_of_Canada*

ቅድሚ ምምጻእ ኤውሮጳውያን፣ ሰሜን ኣሜሪካ ኣብ ውሽጢ ብናይ ገዛእ ርእሶም ፍሉይ ባህልን ቋንቋን ኣገባብ ኣፈላልጣን ዝነብሩን ዝሰስኑን ደቀባት ኣህዛብ ተታሒዛ ነይራ። ደቀባት ኣህዛብ ኣብ'ዛ ሕጂ ካናዳ እትበሃል ሃገር ንልዕሊ 10,000 ዓመታት ተቐሚጦም ኢዮም።

እንግሊዛውያንን ፈረንሳውያንን (ክልተ ናይ ካናዳ መስረትቲ ሃገራት ተባሂለን ዝግለጻ) ነታ ከም ሃብታም ምንጪ ጥረ ነገራት ዝረኣይዋ ሰሜን ኣመሪካ ንምቁጽጻር ይቃለሱ ነበሩ። ኤውሮጳውያን ናብ ሰሜን ኣመሪካ ምስ በጽሑ፡ ከም "ዋና ዘይብሉ መሬት" ገይሮም ኢዮም ቆጺሮሞ። ኤውሮጳውያን ናይ ገዛእ ርእሶም ባህላዊ ክብርታት፡ ሃይማኖታት፡ ሕግታት ኣገዲዶም ንዓኣቶም ዝጠቅም ፖሊሲታት ኣውጺኦም፡ ገሊኦም ንደቀባት ኣህዛብ "ህዝቢ" ምዃኖም ፈጺሞም ኣይኣምኑን ነይሮም።

ከም ውጽኢቱ ድማ ኤውሮጳዊ ክብርታትን እምነታትን ብመልክዕ ስርዓታውን ትካላውን ኣድልዎን ወገናውነትን ናብ ትካላትን ፖሊሲታትን ካናዳ መንገዶም ኣምሪሖም። ኣብ'ዚ እዋን'ዚ ዝበዝሕ ናይ'ቲ ስራሕ ምዕራይ ብዛዕባ እቲ ዝሓለፈ በደልን ምብዳህ ሳዕቤናት ኣድልዎን ጽልእን ኢዩ።

### እቲ ናይ ህንዳውያን ሕጊ፣ 1876

- *en.wikipedia.org/wiki/Indian_Act*

እቲ ናይ ህንዳውያን ሕጊ ናይ ደቀባት መሬትን ባንድታትን/ (Bands) ብከመይ ክሰርሑ ከም ዝኽእሉ ዘመልክትን መን ከም "ህንዳዊ" ተፈላጥነት ከም ዘለዎ ዝገልጽን ፈደራላዊ ሕጊ ኢዩ። እቲ ናይ ህንዳውያን ሕጊ ቀዳሞት ኣህዛብ (First Nations) ብዝተኻእለ መጠን ብቕልጡፍ ናብ ሕብረተሰብ ኤውሮጳ ንምጽንባር ዝግበር ፈተነ ኢዩ ነይሩ። እቲ ሕጊ ብዙሓት ዝተፈላለዩ መዳያት ከም ሓደ 'ህንዳዊ' ከመይ ጌሩ ደረጃ ከም ዘጥረየ ወይ ከም ዝስኣነ፡ ሕጋዊ ደረጃ ደቂ ኣንስትዮ፡ መሰል ምውሳድ/ሓራ ምውጻእ (enfranchisement) ወዘተ. ዝሽፍን ኢዩ። እቲ ናይ ህንዳውያን ሕጊ ሎሚ እውን ኣብ ግብሪ ስለዘሎ ንደቀባት በዳሂ ሕጊ ኢዩ።

**ንቀዳሞት ኣህዛብ ዝተፈልየ/ዝተመደበ መሬት (Reserves)፥** ምስ ምምጻእን ምስፋርን ኤውሮጳውያን፣ ቀዳሞት ኣህዛብን (First Nations people) ኤውሮጳውያንን ብዛዕባ ነዞም መሬታትን ጸጋታትን መን ክቆጻጸሮም ከምዘለዎ ኣብ ግርጭት ኣተዉ፡ ቀዳሞት ኣህዛብ (First Nations people) ድማ ኣብ ብሕጊ ዝተፈልየ/ዝተመደበ መሬት (Reserves-ሪዘርቭስ) ዝበሃሉ ቁሩጽ መሬት ከምዝቕመጡ ተገብረ። ብዙሓት ቀዳሞት ኣህዛብ መንግስቲ ክሳብ ሕጂ ኣብ ዝቆጻጸሮ ንኣሽቱ ሪዘርቭስ (Reserves) ምንባር ይቕጽሉ ኣለዉ። እዚ ምንጪ ናይ'ቲ ኣብ መንጎ ደቀባት ኣህዛብን መንግስትን ዝፍጠር መብዛሕትኡ ግርጭት ኢዩ።

### መንበሪ ኣብያተ ትምህርቲ (RESIDENTIAL SCHOOLS)

- *en.wikipedia.org/wiki/Canadian_Indian_residential_school_system*

ሓደ ካብ'ቲ ዘስካሕክሕ ውርሻታት ናይ ህንዳውያን ሕጊ ግዴታዊ ምምጻእ ናብ መንበሪ ኣብያተ ትምህርቲ ኢዩ ነይሩ። ብፌደራላዊ መንግስቲ ዝምወላን ብኣብያተ ክርስትያናት ዝመሓደራን 140 ናይ ህንዳውያን መንበሪ ኣብያተ ትምህርቲ ነይረን። ልዕሊ 150 ሽሕ ህጻናት ደቀባት ክሳተፉ ተገዲዶም ነይሮም። መንግስቲ ንደቀባት ኣህዛብ ናብ ናይ ዩሮ-ካናዳውያን ሕብረተሰብ ክጽምብሮም/ከዋሃህዶም ደለየ።

ደቀባት ህጻናት ካብ ወለዶምን ስድራቤቶምን ተወሰዱን ኩሉ ቋንቋታቶም፣ መንፈሳዊ እምነቶምን ባህላዊ ልምድታቶምን ክገድፉ ድማ ተገዲዱ።ብ11 ሰነ 2008 መንግስቲ ካናዳ ነቶም ካብ ናይ መንበሪ ቤት ትምህርቲ ዝደሓኑ ወግዓዊ ይቕሬታ ሓቲቱ። ብቀዳማይ ሚኒስተር ዝቐረበ ናይ ይቕሬታ ሕቶ ቅዳሕ ኣብ'ዚ ዝስዕብ መራኸቢ (link) ክትረኽብዎ ትኽእሉ ኢኹም፤

- *rcaanc-cirnac.gc.ca/eng/1100100015644/1571589171655*

### ዝተቐትላን ዝጠፍኣን ደቀባት ደቂ ኣንስትዮን ኣዋልድን

- *mmiwg-ffada.ca/final-report*

ኣብ መስከረም 2016 መንግስቲ ካናዳ ሃገራዊ መርመራ ብዛዕባ ዝተቐትላን ዝጠፍኣን ደቀባት ደቂ ኣንስትዮን ኣዋልድን (National Inquiry into Murdered and Missing Indigenous Women and Girls- MMIWG) ኣበጊሱ። ሃገራዊ መርመራ ብዛዕባ ዝተቐትላን ዝጠፍኣን ደቀባት ደቂ ኣንስትዮን ኣዋልድን (MMIWG) ኣብ መንጎ 1980ን 2012ን ብሰንኪ ዝጠፍኣን ዝተቐትላን ደቀባት ደቂ ኣንስትዮ ዘጋጠመ ቅልውላው ሰብኣዊ መሰላት የመልክት። ጉጅለታት ደቀባት ደቂ ኣንስትዮ፣ ቁጽሪ ናይ'ቶም ዝጠፍኡን ዝተቐትሉን ልዕሊ 4000 ምኳኑ ይስነዳ። ምውሳኽ ንቕሓት ንደቀባት ስድራቤታትን ማሕበረ-ኮማትን ዓቢ ደገፍ ገይሩን ፍትሒ ንምድላይ ብሓባራዊ ዕላማ ንሰባት ኣብ ሓደ ኣራኺቡ ኢዩ።

## ዝሓሸ መጻኢ ምህናጽ

### ኮሚሽን ሓቅን ዕርቅን (TRUTH AND RECONCILIATION COMMISSION-TRC)

- *cbc.ca/news/politics/truth-and-reconciliation-94-calls-toaction-1.3362258*

ፈደራላዊ መንግስቲ ኣብ 2008 ዓ/ም ውርሻ መንበሪ ኣብያተ ትምህርቲ ዝምርምር ኮሚሽን ሓቅን ዕርቅን (TRC) ኣቋቑሙ። ዕማም ናይ'ቲ ኮሚሽን ሓቅን ዕርቅን ናይ'ቶም ኣብ ካናዳ ካብ ዝርከብ ስርዓተ-መንበሪ ቤት ትምህርቲ ዝደሓኑ 80,000 ሰባት ተሞኩሮታት ምእካብ፡ ምስናድን ምዝካርን ኢዩ ነይሩ። እዚ ድማ ምእንቲ እቶም ዝደሓኑ ካብ'ቲ ስንባደ ናይ'ዞም ተሞኩሮታት ክሓውዩ ንክጅምሩ ኢዩ።

ኮሚሽን ሓቅን ዕርቅን ኣብ 2015 ናይ መወዳእታ ጸብጻቡ ኣውጺኡን 94 ጻውዒታት ንትግባረ ኣሕቲሙን። በዚ ከኣ ኩሉ ደረጃታት መንግስቲ ብሓባር ብምስራሕ፡ ብመንበሪ ኣብያተ ትምህርቲ ዝስዓበ ጉድኣት ንምጽጋንን ብዕርቂ ንቕድሚት ንምስጓምን ኣብ ዝግበር ውሁድ ጻዕሪ፡ ፖሊሲታትን መደባትን ክቕይሩ ኣተሓሳሲቡ።

ስራሕ ኮሚሽን ሓቅን ዕርቅን ብፍላይ ኣጸጋሚ ክፋል ታሪኽ ካናዳ ምስናድ ጥራይ ኣይነበረን፣ ግን ብዛዕባ ታሪኽ ደቀባትን ዘይደቀባትን ሓቂ ምዝራብ ዝሓሸ መጻኢ ንምህናጽ ዝሓሸ መበገሲ ይህበና ኣብ ዝብል እምነት ዝተሰረተ ኢዩ ነይሩ። ምጅማር ናይ ሓድሽ ዓይነት ተስፋ ኢዩ።

ብዙሓት ዘይፍትሓውያንን ግጉያትን እምነታትን (stereotypes) ጸገማትን፣ ሰባት ሓቂ ወይ ድማ ብዛዕባ ደቀባት ዝኾነ ሓበሬታ ምስ ዘይፈልጡ ኢዮም ዘጋጥሙ። ነቲ ሓበሬታ ክትደልዩ ነተባብዓኩም፥ ነቲ ናይ ኮሚሽን ሓቅን ዕርቅን "ጻውዒት ንተግባር" ኣንብቡ፣ ናብ ማእከል ዕርክነት (Friendship Centre) ብጽሑ፣ ብደቀባት ጸሓፍቲ ዝተጻሕፉ መጻሕፍቲ ኣንብቡ፣ ብደቀባት ስነጥበባውያን ዝተፈጥሩ ስነ-ጥበብ ዳህስሱ፣ ብዛዕባ ደቀባት ዝምልከት ትምህርቲ ውሰዱ፣ ኣብ ውሽጢ ናይ ስራሕ ጉጅለኹም ብዛዕባ ጉዳያት ደቀባት ንምዝርራብ ጉጅለ መስርቱ ፣ ኣብ ከም ናይ እግሪ ጉዕዞ ዕርቅን ሃገራዊ መዓልቲ ደቀባትን (Walk for Reconciliation and National Indigenous Day) ዝኣመሰሉ ንጥፈታት ኣብ መላእ ካናዳ ተሳተፉ።

ኩሎም ሰባት ዝኽበርሉን ዝጽምበርሉን ቦታ ንምጥጣሕ ብሓባር ክንሰርሕን ነንሕድሕድና ክንደጋገፍን የድልየና። ዕርቂ ኣዝዩ ውልቃዊ ጉዕዞ ኰይኑ ኩሎም ካናዳውያን ግዲኦም ክጻወትሉ ዘለዎም ኢዩ።

እዚ መምርሒ ነታ እንቋዕ ናብ ካናዳ ብደሓን መጻእኩም ትብል ቪድዮ ንምስናይ ብኮሪ ዊልሰን (Kory Wilson) ንISSofBC ዝተፈጥረ ኢዩ። ከም ካልእ ኣንተዘይተሓቢሩ እዚ መምርሒ ብCC BY NC 4.0 License ፍቓድ ዘለዎ ኢዩ። እዚ ፍቓድ'ዚ ነዚ ስራሕ ብዘይንግዳዊ መንገዲ ክትሓዋውስ (remix)፣ ከተተዓራሪ (tweak) ፣ ካብ'ቲ ስራሕ ተበጊስካ ከተማዕብል የኽእለካ/የፍቅደልካ። ሓደስቲ ስርሓትካ ንኮሪ ዊልሰን ኣፍልጦ ዝህብዎን ዘይንግዳውያን ክኾኑን ይግባኦም። ኣፍልጦ ንምሃብ በጃኻትኩም ነዚ ዝስዕብ መግለጺ ተጠቐሙ፥ እንቋዕ ናብ ካናዳ ብደሓን መጻእኩም መምርሒ መጽናዕቲ (Welcome to Canada Study Guide) ብኮሪ ዊልሰን፣ ኣብ ትሕቲ Creative Commons Attribution-Noncommercial license ©2019, ይርከብ። ኮሪ ዊልሰን።